# <u>ኤርትራውያን'ከ ክንደይ ካብ ህዝብና ምስጠፍአ ኢና</u>

# <u>ከም ግሪኻውያን ንለዓል?</u>

ኣብ ዝሓለፈ ሰሙናት ኣብ ዓለም-ለኸ ዝኾና ተለብ፝ጅናት ክንዕዘቦ ከም ዝቐነና ኣብ ሃገር ግሪኽ ሓደ መንእሰይ ብፖሊስ ድሕሪ ምቕታሉ ሰፊሕ ናዕብን ነቲ መንግስቲ ኣብ ምውራድ ዝዓለመ ሰላማዊ ሰልፍታት ይካየድ ጸኒሑን ይቕጽል ኣሎን።ሓደ ኤርትርዊ መንእሰይ ነዚ ዝተዓዘበ እዚኦምስ ሓደ መንእሰይ መይቱና ኢሎም ናብ ጽርግያ ውጺኦም ህዝብናኸ ክንደይ ካብ ኣሕዋቱ ምስ ጥፍኡ እዩ ዝለዓል ክብል ኣስደመመ። ኣብ ሃገር ግሪኽ ኣዚ ብኣሽሓት ዝቝጸር ህዝቢ ኣብ ጽርግያ ብምውጻእ ምስ ፖሊስ ናይ'ቲ ሃገር ክኩራበብ ኣንከሎ ብዛዕባ ሞት ናይ ሓደ መንእሳይ ጥራሕ ከምዘይኮነ ፍሉጥ እዩ።እዚ ተረኽቦ'ዚ ነቲ ናይ ፍትሕን ዘይጽፉፍ ምሕደራን ስራሕ ኣልቦነትን ናይቲ ኣብ ስልጣን ዘሎ ሰልፊ ዝፈጠሮ ጽልኣት ምኻኑ ብዝተፈላለየ ናይ ዜና ማዕከናት ክግለጽ ቀንዩ'ዩ።

ንምኻኑ ንሕና ኤርትራውያን ብጅግንነትና እንምካሕ ሎሚ ህዝብና ብማኣሰርቲ ሓሊፍዎስ ብጥሜት ኣብ መድቐስኡ መይቱ ይርከብ ኣብ ዘለወሉ እዋን ንኹላትና እዝዩ ዘተሓሳስብ'ዶ ኣይኮነን። ኣብ ሃገርና ዘሎ ግፍዒ ምስ ናይ ግሪኽ ከነወዳድሮ እንተፈቲና መማዝንቲ ከምዘይከነ ዝስሕቶ ሰብ ኣንተልዩ ገለ ናይ ኣእምሮ ጸገም ዘለዎ ክከውን ኣለዎ።ናይ ኤርትራ ፖሊትካዊን ህብረተሰብኣውን ኤኮኖሚካውን ጸገማት ሎሚ ብዘይካ ገለ ኤርትርውያን ካልእ ዓለም ብብሩህ እያ ትፈልጦ።

ሎሚ ኣብ ኤርትራ ህዝብና ካብ ዝሳቐየሎም ዘለዉ ኣገደስቲ ሕቶታት ገለ ሽነኻት ሓይልታት ምክልኻል ከም ቀንዲ ጨርሖታቶም ጌሮም ኣልዒሎሞም ዘለዉ ንመነባብሮ ሓይልታት ምክልኻልን መላእ ህዝቢ ኤርትራ ዝሳቐይሎም ዘለዉ፣

1. መወዳእታ ዘይብሉ ብርነታዊ ኣገልግሎት መንእሰያትን ጉዳይ ኣላዪ ዘይብሎም ስድራ-ቤት ኣገልግሎትን
2. . ናህሪ ዕዳጋን ክራይ ኣባይትን
3. ስደት መንእሰያትን ህድማን
4. ጉዳይ ሓለፋታት ኣብ ውሽጢ ምክልኻል ሓይልታት
5. ካልኦት ንህሊዊ ዥነታት ዘመልክቱ ይርከብዎም

ብቲ ካልእ ሽነኽ ወላ'ኳ ኣብዚ ዥነታት'ዚ ሓይልታት ምክልኻል ብዥነታቶም ምክንያት ከልዕልዎም ዘይከኣሉ ቍጽሪ ዘይብሎም በደላት ኣብ ልዕሊ ሓፋሽ ህዝብና  ክወርዱ ዝጸንሑን ዘለዉን፤

1. ግሉጽ ዝኾነ ግህሰት ሰባኣዊ መሰላት፣ ናይ ምጽሓፍ፡ ምእካብን ምዝራብን ሃይማኖታዊ እምነ መሰላት ግህሰት
2. ናይ ሕልና ማሰርቲ ተባሂሉ ዝፍለጥ ብዘይክሲ ንዓመታት ኣብ ቤት-ማኣሰርቲ ምድጓን
3. ናይ ምንቅስቓስ መሰል ምኽልካል
4. ስርዓት ህግዲፍ ንሓፋሽ ህዝብና ኣብ ፈቐዶ ውግእ ብምእታው ኣደዳ ህልቂት ምውዓሉ
5. ኩሉ ኤኮኖሚካዊ  ምንጭታት እቲ ስርዓት ብኢዱ ብምውናን ረእሰማል ዘሎዎም ካብ ሃገር ከም ዝስደዱ ምግባርን ወይ ድማ ካብ ስራሕ-ዕዮ ብምብራር ንህዝብና ኣደዳ ጥሜት ብምግባር
6. እዚ ሎሚ ከይተረፈ ኣብ ማዕከናት ዜና ዝቅላሕ ዘሎ ብስም ዘይሕጋዊ ሃይማኖት እንዳበልካ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ምድጓን
7. ፖሊትካዊ ኣራእዮኦም ዝተፈልየ ብምኻኑ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ምድጓን
8. እታ ሓንቲ ዝኾነት ዩኒቨርሲቲ ኣስመራ ብምዕጻው ከም መተካእታ ብወታደርዊ መኰንናት ዝካየዳ ናይ ሽፈጥ ኮሎጃት ብምድላው ንሃገርና ብዘይናይላዕለዋይ ናይ ትምህርቲ ትካል ዘይብላ ብምግባር
9. ንሃገርና ናይ መንግስቲ ጥልያንን ኢራንን ኑኩልያራዊ ሓተላ መጕሓፊ ብምግባር
10. ኮታ ሎሚ ድማ ኣሽበርቲ እተስተናግድ ዓዲ ክትከውን ቁሩብ ተሪፉዋ ኣሎ።

ነዚ ኩሉ ግፍዕታት ክትርኢ ከሎኻ ግሪኻውያን ክንዲ ርብዑ የብሎምን ኢኻ ትብል፤ ይኹንምበር ህዝቢ ኤርትራ ብፍላይ ድማ እቲ ኣብ ወጻኣኢ ዘሎ ኣብ ቃልሲ ክሳተፍ ዘይምርኣይካ የተሓሳስበና።እቲ ለውጢ ከም ዘድሊ መብዝሕትኡ ህዝብና ዝሰማምዓሉ ይመስል ግን ባዕሉ ተቓሊሱ ጥራሕ ምኻኑ ለውጢ ከምጽእ ዝኽእል ግን ይርሳዖ። ኣነ ክብለኩም ዝደላኢ ግን ካብቶም ኣብ ከተማታት ግሪኽ ንመንግስቶም ብኀረርኡ ዝሓንቅዎ ዘለው ሓደ መጺኡ ከምዘይሕግዘና ከረጋግጸልኩም እፈቱ።ወጽዓናን ስግርናን ባዕልና ብምስታፍ ድኣምበር ካልእ ሰብ ክፈትሓልና ከምዘይክእል ተረዲእና ንኻልኦት ምኽሳስ ገዲፍና እጅገና ሰፍሲፍና ክንትሓሓዞ ጥራሕ እዩ ፍታሕ ከምጽኣልና ዝኽእል።

ብኻልእ ሸነኽ እቲ ብፖሊትካዊ ውድባትን ሰልፍታትን ዝካየድ ቓልሲ ኣብ ክንዲ ንህዝቢ ወዲቡን ጠርኒፉን ኣንጻር ዲክታቶሪያዊ ስርዓት ከምቲ ኣብ ከተማታት ግሪኽ ዝካየድ ዘሎ ሰላማዊ ሰልፍታት ከም ዘካይድ ዝገብሮ ኣብ ዘየድሊ ናይ ውልቀ-ሰባት ግርጭታት ኣትዩ ንንያት ህዝብና ኣዳኺምዎ ይርአ ኣሎ።ኪዳን እንተኾነ ንዓመታት ብዘይሓደ ርኡይ ለውጢ  ኣብ ጋምማን መተካእታ ናይቲ ስርዓት ከይኰነ ይነብር ምህላው ጥራሕ ዘይኰንስ ንብድሕሪ ሕጂውን ኣብ ቀረባ ክልውጥ ምኻኑ ዝርኣየካ ምልክት የለን።ሎሚ ህዝብና ብጥሜት ይውዳእ ኣሎ፣እቲ ኣብ ትሕቲ ጨካን ወተሃድራዊ ድክታቶር ዘሎ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ካብቲ ተኣሰሩሉ ዘሎ ሰንሰለት ክወጽእ ፍኒሕኒሕ ይብል ኣሎ።እዚ ሰራዊት'ዚ ነዚ ምናልባት ነቲ ተቓውሞ ውድባት ቀዲምዎ ንፃ ከይወጽእ የጠራጥር እዩ።